# ለካ እዚ’ዩ ነይሩ፡ ናይ መዓንጣኺ ቅናት

ነጸረ ተወልደመድህን - ለንደን - 22-05-2005

ወርሒ’ምበር ሓሊፉ፡ ግዜ እናረሐቐ
ሃብታም ዉርሻኺ፡ ንምቕራቡ ኣራቒቐ፡
    ስም ይመርሕ፡ ጥዋፍ የብርህ ዝብልዎ
    ተራ ብተራ ዝፍጸም፡ ብዘይ ኣድልዎ፡

ንኹሉ የዒንጊላ፡ ናይ ተስፋታት ትጽቢት
ዕባራ ምኽኒት ዘይብሉ፡ ግዜኣ ኣካፋሊት፡
    ናብራ ስደት ሕሱም፡ ከመይ ኢሉ ይኣኽለላ
    ጥዕያ ኮነት ሓሚማ፡ ተርክበሉ ባዕላ፡

ፍትሒ ማዕርነት፡ ንኽብሪ ደቂ-ሰባት
ኣድማሳዊ ሕጊ፡ ሰባዊ-መሰል ዓንቀጻት፡
    ለካ እዚ’ዩ ነይሩ፡ ናይ መዓንጣኺ ቅናት
    ዓሚቑ ኣፍልጦኺ፡ ትሕዝቶ ቅኑዕ ስርዓት፡

ትሪ ግጥምያኺ፡ ናይ እምንቶኺ ጽንዓት
ኣማዕድዮም ዝገልጹ፡ ብዘይ ብቑዕ ሚዛናት፡
    ደረኞ’ያ ክብሉኺ፡ ላህመታዊ ፍርድታት
    ወረኽን ንስኽን፡ ኣብ ክልተ ጫፋት፡

ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ብሓደ ዉዒልና
ኢሂን ምሂን፡ ብህድኣት የዕሊልና፡
    ሓቂ ብሓቂ፡ ቀሪበ ምስ ተዋዘኹ
    ዕምቖት ተረድኦ፡ ከምዘሎኺ ረኣኹ፡

ተመክሮኽን ክእለትክን፡ ዓቕን ዝሐለፎ
ህዝባዊት ኤርትራ፡ ክትመርሒ ይትስፎ፡
    ኩሉ ኣይተቓነዔን፡ ዓለም ምናምን’ያ ብላሽ
    ሕማም ኣጥቒዑኪ፡ ኣይበልክን ግን ኣላሽ፡

<u>መሰል ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዘይተኸብር ኤርትራ</u>
<u>ምልኣት ከምዘይብላ፡ ጭርሖኺ ኣነጺራ፡</u>
    ብመሰል ደቂ-ኣንስትዮና፡ ዝዋገ <u>ጸኒሓት</u>
    ሓሸምሸም እኮ’ይሉ፡ ብልዝብ ብብቕዓት፡

===============

ንጓል-ዓንዱ፡ ቀሪብካ ክሳብ እተዕልላ፣ ነቲ ሓቂ ዉሽጣዊ ባህርያታ ከተለልዮ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ከም ዝነበረ ክግመት ዝከኣል እዩ። ኣብ፡ <u>*ዉልቀ ሓርነት ናይ ሓደ ዜጋ*</u> ዝነበራ ነቕ ዘይብል እምንቶ፡ ዝወሃብ ዝኾነ ይኹን ዘይቅኑዕ ሚዛናትን፡ ዕሽሽ ኢሎሞ ዝሓልፉ ፖሊቲካዊ ትንተናታትን ግን ብዘይ ቀላዕለምን ነሓፍነትን ትዳፋዓሎም ምንባራ፡ ብቐረባ ካብ ዝነበረኒ ናይ ሌላ ትዕዝብቲ እዩ። ኣድሓነት ንርእይቶታታን ዕግበታታን ፊት ንፊት ኣብ ዝግበሩ ክተዓትን ግጥምያታትን ደኣ’ምበር እናረሓቐትን እናተኸወለትን ኣይኮነትን ትዛረበሎም ዝነበረት። ኣድሓነት ንተራ ማሕበራዊ ዝምዳናታት፡ ምስ ፖሊቲካዊ ምትእስሳራትን ርኽክባትን፣ ፈላልያ እትርኢ ቁምነገረኛ ባእታ እያ ነይራ። ኣገባብ ርኽክባታ ዋጋ ዕዳጋ

ብዘይብሉ ኣነጺራ ትጎዓዝ ስለ ዝነበረት፣ እትድነቕ ፖሊቲካዊት ባእታ ነይራ። ትዝ ካብ ዝብሉኒ ተዘክሮታት ንምጥቃስ - ኣሻሓት ኣማእታት ኣብ ዘሳሰየ ናይ ካስል ፌስቲቫል ኣኼባ፣ ኣድሓነት ምስቲ ኹሉ ዝተጓነፋ ተቓዉሞታት *"መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ኤርትራውያን ምስንግ ዝፈጸሞ ባርባራዊ ግፍዕታት፡ ካብቲ ኣብ ኮዞቮ ዝተፈጸመ ገበናት፡ ብመልክዑ ኮነ ትሕዝቶኡ ኣዝዩ ዝፍለ ኣይኮነን"* በለት። ኣድሓነት ንኣብ ዓለምና ዝፍጸሙ ገበናት ኣበይ ተፈጺሞም ብዘየገድስ፡ ክንጸጉን ክብድሁን ካብ ዘለዎም ኣረሜናዊ ተግባራት እዮም፡ ካብ ዝብል ፍትሓዊ እምንቶ ተበጊሳ ከምዘልዓለቶ ብሩህ ነይሩ። ኣድሓነት እምበኣር ንመሰል ደቂ-ኣንስትዮና ካብቲ ሓባራዊ መሰል ሕብረተ-ሰብና ፈልያን ቆንጭላን ዘይትርኢ፡ *ንኣድማሳዊ ሰባዊ-መሰላት* ዝተኸላኸለት፡ ትግህቲ ተቓላሲት እያ'ዉን ነይራ። ኣብ ጉዕዞ ዝነበረን ዘሎን ኣገባብ ቃልስታትና፡ ንከም በዓል ኣድሓነት ዝኣመሰላን ዝኣመሰሉን ብቑዓት ዜጋታት ብግቡእ ኣብ ህዝቢ እና'ላለየ፣ ናይ ስልጣን ምቅብባል ባህሊ ኣተኣታትዩ፡ ንመስርሕ ቃልሲ ኣብ ምምላኽን ምምራሕን ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ምስጓም ቦኹሩ፣ ካብ ዘዛሕተሉና መሰረታዊ ስንኩፍናታት እዩ።

ስርሒታዊ ተግባራት ኣድሓነት፣ መሪሕ ኣብነት ንመሰል ደቂ-ኣንስትዮ ኮይኑ፣ ከም ህያዉ ናይ ቃልሲ መሓዛ፡ ከተገልግል እትኽእል ብቕዕቲ ባእታ እያ ነይራ። *ሓቅነት፡ ቅኑዕነትን ብቕዓትን* ኣድሓነት ንምብራህ ዝቐረበ ገለጻ ንምጥቃስ፡-

*"Ms. Adhanet, one of the prominent figures of leadership of the General Eritrean Women's Union, (GEWU) of ELF was a gift to the Eritrean revolution. With all of her devotion and determination, she fought for our national independence and for women's emancipation. Adhanet had a very unique personal trait that was recognizable from far. She was always herself; spoke exactly how she felt and what was at her heart. She was always true to herself, friends and her people and particularly to the Eritrean women". (Nharnet.com)*

ኣድሓነት ኩሉ ግዜ ኣብ በይና ምስ ነብሳ ክትተሓታተት እንከላ ኮነት ኣብ ደገ ወጺኣ ምስ ካለኦት ክትዋዘ ዘጸግማ ነገራት ኣይነበረን። ኣድሓነት ኣብ በይና እትሓስቦን ትዓግበሉን፡ ኣብ ደገ ወጺኣ እትገብሮን ትዛረቦን ፍልልይ ኣይነበሮን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ *ኩሉ ግዜ ክልተ ኣድሓነት ዘይኮነትስ ሓንቲ ኣድሓነት ስለ ዝነበረት'ዩ*። ወጽኢት፡ ቅንዕናን ህዝባዊ ሓልዮትን ዝዓዘዘ፡ ዴሞክራስያዊ ጽንዓት ስለ ዝነበራ፣ ዝተጠርየ ዓቕሚ ምንባሩ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣድሓነት፡ ዝበዝሕ ካብ ዕድሚኣ ኣብ ሓጎጽጎጽ ናይ ቃልሲ ዘሕለፈት፡ ብኽንድኡ ዓቕን ከኣ ሃብታም ተመክሮን ኣፍልጦን ዝወነነት ምንባራ ስለ ዝፍለጥ፡ ሕብረተሰብና ብፍላይ ከኣ ደቂ-ኣንስትዮና ዓቢ ክሳራ ከምዝህልወን፣ መብዛሕትኦም ናይ ፖሊቲካ ባእታታት ዓዉ ኢሎም ዘቃልሑዎን ዝመስከሩዎን ሓቂ እዩ፡-

*"The opposition and the Eritrean people in general and the suffering Eritrean women in particular have lost an irreplaceable voice of democracy and women's right." (Nharnet.com.)*

**ናይ ቃልሲ ብጾታ ኣብ ዝነበረ ናይ ሓባር ተመክሮኣም ዘዋህለልዎ ትዕዝብቲ፡ ሓንቲ ካብተን ጥቕሲታታ *"ኤርትራ ንህዝባ ብማዕረን ብዘይ ኣፈላላይን ኣኪባ እተእንግድ ሃገር ክትከዉን እያ"* ትብል ምንባራ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጽኑዕ እምንቶ ዝተሰረተ ተበግሶ ጓል-ዓንዱ ከኣ'ዩ፡ ከም ኣብነት *ንመጻኢ ወለዶ* ከገልግል ዝኽእል ሃብታም ህዝባዊ ተመክሮ ከም ዝኾነ ዝእመነሉ።**

**ኣድሓነት ኣብ 1976 ካብ ቅድመ-ግንባር ተሳሒባ፡ ኣብ መደበር ቤት-ትምህርቲ ካድራት ናይ ሽዱሽተ ወርሓት ምዕቡል ፖሊቲካዊ ኣስተምህሮ ድሕሪ ምዉሳዳ፤ ተራን ቦታን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ቃልሲ ብዉሕልና ናይ ምስርዑን ምዉጋኑን ስረሓት ተጸምደት። ዘይሕለል ናይ ቃልሲ ጽንዓታ፡ ንብዙሓት ኣርኣያን ኣብነትን ከም ዝኾነት ይንገር'ዩ። ኣብ ቦታ መሪሕነት ጠቕላላ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ፡ ናይ ፖሊቲካን ስርዒትን ሓላፊት ኮይና ተመዲባ ንመላእ ሰራዊት፡ ብፍላይ ከኣ ንደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሓይልታት ዝነበራ ይኹና ገባሮ፡ ጽዑቕ ናይ ኣስተምህሮ ወፈራ፡ ምስ ብጾታ ኮይና ኣካየደት። *ተራን ቦታን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ቃልሲ ኸኣ ብመጠኑ ክንጸር ተኻእለ*። ኣድሓነት ኣብ ዓለም፡ ካብቶም ንምእንቲ ክብሪ ደቂ-ሰባት ህይወቶም ዘበጀዉ ዓበይቲ ቁዉም-ነገራዉያን ዉልቀ-ሰባት - *ማርቲን ሉዘር ኪንግ*፣ *ማዘር ትሬዛ* ከምኡ'ዉን *መሃትማ ጋንዲ* ብኣድናቆት ተልዕሎም ነበረት። ንባህርያትን ጠባያትን ኣድሓነት ካብ ዝጸለዉ ቀንዲ ምኽንያታት እዮም ነይሮም ዝብል ግምት ከኣ ኣሎኒ።**

**ፈተዉትን ብጾትን ኣድሓነት ዝለኣኹዎ ናይ መጸናንዒ መልእኽትታት፡ ገለ ክፋሉ ንሓበሬታ ምስ ዝቐርብ፡ መለዩ ጠባያት ናይ ሓንቲ ተባዕ ተቓላሲት ከብርህ ይኽእል እዩ ብማለት እነሆ፡-**

***"ንነጻነት ሃገርና ብሓፈሻ፡ መሰል ማዕርነት ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ ንምርግጋጽ ከኣ ብፍላይ፡ ዘካየደቶ ቃልስን ዘበርከተቶ ዘይነዓቕ ግደን ኣብ ታሪኽና ወትሩ ህያውን ነባርን ክኸውን'ዩ"።*** *(Dr Beyene Kidane)*

***"ተጋ. ኣድሓነት ዓንዱ ብፍላይ ንደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብናይ መላእ ህይወት ቃልሳዊ ተመክሮ ኣቢላ፡ ናይ መኸተን ቃልስን ነብሰ-ምትእምማንን ርእሰ-ምርኮሳን ኣብነታዊ ዉርሻ ካብ ዝገደፉ ክቡራት ብጾትና ሓንቲ ብምዃና ንመጻኢ ወሎዶታት ደቂ-ኣንስትዮና ሓበንን ገድላዊ ኣርኣያን ከምዝኾነት፡ ህዝብና ዝዕቅቦ መኽሰብ ኪኸዉን እዩ"።*** *(Seium Ogbamichae)*

*"She has dedicated most of her youth for the liberation of her country and people and she has continued her struggle for peace, democracy and human rights in this dark dictatorial epoch in Eritrea". (Beshir Ishaq)*

*"I do not know her but from what I read she was a great person". (Amare - USA, Washington DC)*

*"We will miss you, but History will remember you for your courage. (Tekeste Ogbamicael – Seattle)*

*"There is no greater love than devoting ones life for a good cause such as the emancipation of suppressed and neglected people of their natural human rights, i.e. freedom. But you are one of those candle lights among Eritrrean women". (Teclesghi  Asmara, Eritrea)*

*"Her death is a great loss not only to her family but also to her compatriots in the struggle for peace, justice and equality". (Assefaw Berhe, The Hague, Holland)*

*"You were a daughter, a mother, a sister and a friend that was loved by every body".*
*(Habtom Embaye – Toronto, Canada)*

*"AS A FIGHTER TOUGH, AS A PERSON VERY KIND WAS ADHANET"!!!*
*(MIRIAM MESSELE - TUEBINGEN, GERMANY).*

*"Those who live in the hearts of others never die" (Zekarias Fessahaye – Frankfurt, Germany)*

*"To the one and only wonderful "French lady" Mummy Adhanet Andu whom I can proudly say, I love and miss greatly. It's very sad because you will never know how much you were loved and appreciated by all that had the pleasure of you being part of their lives". (Niyat Netsere – London)*

*"Her life time dedication for the cause of her country and people is a treasure that we are proud of". (The Bahlibi Family – USA)*

*"Nothing to say more, just, "Bye Adhanet Abay-Seb". It is a big loss for Eritrean women in particular & for women in general. She fought as a veteran for Eritrean independence as well as for the emancipation of Eritrean women". (Goitom Amine – France)*

*"Adhanet is remembered as a person who can say her opinion and encourage others to do the same. Obviously, the death of a woman of such a calibre is a great loss to the nation in general and to the cause of Eritrean women in particular".(Ogbazghi Debus – Rotterdam, the Netherlands)*

*"Adhanet's untimely death was a national misfortune and loss, in particular to her gender. However, the memory of her courage and ideals will serve those who are ready to emulate."*
*(W.Ammar – CH, Geneva)*

*"She had more love, more ideas and more good with which she was always prepared to share with her country men and women. It is very unfortunate for Eritrea to have lost such a quality. I had the honour to know her closely, to chat with her, to laugh and quarrel, to agree and disagree." (Eyob Beserat – Stockholm, Sweden)*

*"It was not a surprise to observe the depth of love and respect to her and a feeling of loss among Adhanet's old comrades. But what was especially more interesting was the attendance of a large number of young men and women of all races and nationalities in France who bitterly grieved her absence from accomplishing more successes in defense of women's and refugee rights and in the fight against 'modern' slavery of women and youth everywhere." ( Nharnet.com)*

*"Adhanet - you were a symbol of hope". (Netsere T/medhin-London)*

*Pour ta contribution généreuse et pleine d'amour envers l'humanité, Merci Adhanet.*
*(Close friend of Adhanet)*

***ቅድሚ ሰላሳ ዓመታት ናይ ሕጂ፤ "ናይ መቓብር ብጾተይ በዓል መን ኮን ይኾኑ?" ኢሉ ዝዘመሮ ነብሰሄር የማነ ባርያ፡ እዋኑ ኣኺሉ ለብዘመን፡ ብጾይቱ ኣድሓነት ስለ ዝሰዓበቶ ተራኺቦም ዶኾን ይኾኑ? ንእሽቶ ከልቅሰላ።*** *(Gerelase Wolenkiel)*

*“ታሪኽ ዝገደፈ ኣይመዉትን”* *(Almaz Wldu)*

***“ኣድሓነት ዓንዱ መሓዛ ኩሉን ኣደ ብዙሓትን ምኳና ኸኣ ኣረጋጊጽና”።*** *(Adhenet’s family)*

ኣድሓነት ዓንዱ ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልስና ምስተን ኩለን ደቂ-ኣንስትዮና ዘበርከተቶ ድርብ ቃልሲ፣ ብጥንቃቐ ተጸኒዑ ምስ ዝቐርብ፡ ብቑዕ መዓቀኒ ሚዛንን መነጽር ናይ ሕሉፍ ተመክሮ መምሃርን፡ ንመጻኢ ወለዶ ክኸዉን ይኽእል’ዩ። ካብዚ እምንቶ’ዚ ብምብጋስ እምበኣር - ዝኾነ ዜጋ ኣብ ሜዳ ይኹን ኣብ ኣዉሮጳ ንስርሒታት ኣድሓነት ንምዉህላል ሓጋዚ እዩ ትብልዎ ነገራት ናብ Adhanet.com ብቐጥታ ክትልእኹ ብትሕትና ንላቦ። ቀንዲ ኣስተዋጽኦኹም/ክን ስእልታት፣ ዝሃበቶ ናይ ኣኼባ መደረታት፣ ኣብ ኣኼባታት ዘቕረበቶም ሕቶታት፣ ዉልቀ ዕላላት፣ ዝተኻፈለቶ ሃገራዊ መድረኻዊ ክተዓት፣ ዝፈጸመቶ ረድኤታት… ወዘተ፡ ይኹን።

***“ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ዘይተኸብር ኤርትራ፣ ምልእቲ ኤርትራ ክንብላ ኣይንኽእልን ኢና”።***

*(Adhanet Andu)*

**ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!!!**

***“Those who live in the hearts of others, never die”.***